# ወርሓቱ'ንድዩ ቅንያቱ

ተዘኪሩኒ'ንድዩ:
ከመይ ክርስዖ ዝወቕቱ
ወርሓቱ'ንድዩ ቅንያቱ
ተጋዳላይ ባንዴራ እናንበልበለ ክአቱ
ብሓይሉ : ሳላ ብልሓቱ : ብመስዋእቱ
ጸላኢኡ ጕሒፉ ናብ ግብኣተ-መሬቱ
ህዝቢ ኤርትራ ዓቲሩ ሽግ ዓወቱ
ከም ዓለሙ ተሰሪዑ
ተጓናጺፉ ናጽነቱ።

ስለዚ:
እታ ኣደ ከላ ብሂወታ
ትማሊ ደቃ መጽዊታ
ፍርቂፍርቂ'ዩ ዘሎ'ኮ ድርማመታ
ኣስተብህለሉ'ሞ ትገጸ
ዘይነቐጸ ጸረርታ ንብዓታ
ይርአ'ሎ ገና ኣብ ምዕጉርታ
ናበይ ክትጕስዮ የዒንታ
ድንን ኣይትበል
መሊእካ'ምበር ጠምታ
ኣብ ጉለአ'ዩ ዘሎ'ቲ ዛንታ
ኣቲ ታሪኽ ተሰሪሑ'ዩ ብዱቑስካ
ኣይተመራሳሓዮ ርዓሞ ሱቕልካ

እሞ:
ወግሐ ጸብሐ ዓንገረር
እንታይ'ዩ ፋይድኡ
ግብሪ ሓውስ ስምዓዮ ቑንቑኡ
ኣብ ሰድያ ኮፍ'ልካ ዘረባ ጥዑምዩ
'ትጸገም ምስኳም ምስ ጀመርካ'ዩ
ሽዑ'ዩ ዝምዘን ዳናጉ'ተልዩ

ስለዚ
ንሱ'ኳ ብንእሱ ምእንታይ ተበጂዩ
ሕጂ ኣነ ስልምንታይ'ሞ ክኛጁ
እንታይ'ኻ ንዘይጽዓርካሉ ትግምጁ
ምዕዶይ ስማዕ ዘረባ ኣይተቀናጁ
ዛባ ምስካም ይሓይሽ
ኣይተማዕዱ ናብ ጠበናጁ!

ንትርኽ ቀንጠመጢ ሕሰፎ
ዘይነበርካሉ ትውዕሎ
ሳዓቱ ዘይአኸለ ጠልብ ኣወንዝፎ
ሓድነት ህዝቢ ኮስኵሶ
ፍረ ናጽነት ክትሓፍሶ
ገረወረወ'ሉ'ዩ ጸኒሑ ትቖፎ
ስመር ኣይተግድዕ ኣጆገኻ ዕጾፎ
ህውተታ ዘረባ ግደፎ
ህዝብኻ ካብጥምየት ኣናግፎ

እሞ:
ዝተረፈ'ተሎ ክስዕብዩ
ዝጕደለ'ተሎ ክምላእ'ዩ
ዘዛየደ'ተሎ ክካፍል'ዩ
ገበትነት ግን ፎእ ንበሎ
ፍትሒ ተጕዲሉ ዓገብ በሉ
መስል'ተዘየሎ ንሕተተሉ
ሃገር ግን ንሓልዋ ካብ ተኺሉ።

ስለዚ:
እቶም ሃገር ኣሕሊፎም ዝህቡ
ስም ለዋዊጦም ዝጽሕፉ
ኣብ ፓልቶክ ተገዓሩ
ጭንጫ ማእስ ናብ ደንጎላ ተቐይሩ
ደሮና ውን ደሮና'ንዳኣሉ ወትሩ
ብጀካ ክዘርጉ : ኣይረአናን ካማዕርጉ
ንፋስ መንጠሊና እናባላሸው'ዮም ዝበኑ!
ሓምለ መጸ ከም ንህቢ ዘንቐኑ
ከበርዕኑ'ምበር ኣረአናን ክስስኑ

እሞ:
ነቶም ዘሎን ዘየሎን ኣራርዮም ዘጋንኑ
ነቲ ጽቡቕ ቃሕሊሎም
ሃሰው ዝብሉ ክፋእ ክብንጭሩ
ምስሊ ሃገር ዝብልሉ
ብስም ዲሞክራስያ ዝግዕሩ
ሕብእብእ ዝበሉ ኣብ ጁባ ጓሓሉ
ኣብ ውዱእ ታሪኽ ክህልዉ፣ ዘይሓፍሩ
ንገርዎም ከምዝነፈረት 'ታጭሩ!

እንተኾነ:
ምስትብሃልሲ ነስተብህለሎም
ከየገርሁናስ ንንቃሓሎም
ከምዚ ቃንጥሻ ዓሶ እንዳኣሎም
ብካፈ-ማይ ዝጥጥዑ
ብጽሓይ ረፉድ ድማ ይቕምስሉ
ንጸይቂ'ምበር ነይረአና ከድምዑ
ንይምስል ንብዓት ሓርገጽ ዝነብዑ
ግብሪ ዘይሕውሱ: እንትርፎ ክሓልሙ
ንኩባያ ማጨባ ዝሰሉ ከም ደማሙ
ከየደናግርኹም ውራይኩምድኣ ግበሩ

ስለዚ:
ኣእዛንኩም ኮር ኣብሉ ኣዓምጹ
ኣዕንትኹም ክፈቱ ኣቓምቱ
ነቶም ኣስር ጸላእትና ዝሸትቱ
ንዓሳዊ እንጀራ ዝኽድሙ
ከም ጸማልያ ዓሶ፣ ብደምምዮም ዝጨንዉ
ኣስተባህልሎም ሓንጎል ንጹሃት ከይብክሉ
ያዕ ንበሎም መንነትና ከይብርዙ

ዘስደምም ግን:
ብዘይ ጎረርአም ይግዕሩ
ካብታ ማዕዶ ዱላ የዋጣወጡ
ኣይትሓዘና በቃ የዕለበጡ
ኣነ እንታይ ግደይ ጽኑዕ ኣብ መስመረይ
ኣብ ገዛይ ከለኹ ኣብ ሃገርይ ምስ ህዝበይ
ኮሪዐ ከለኹ ምስ ክብረይ
ኣንታ ክደፍሩ! ልዕለኻ ነሓልየላ
ይብሉኒ ነዛ ሩሓይ ነዛ ንነብስይ
በዚአ'ያ ኣቋራጭ ይብሉኒ፡ክደናግሩኒ
መታን መአዝነይ ኣስሒቶም
ካብ መንገደይ ክጥፉኡኒ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ዮሃና ህዝቢ ኤርትራ
እንቋዕ ናብ ጽምብል
ናጽነት 20 ዓመት ኣብቃዓካ
Mekonen Anteray
ለንደን 01/05/2011